Dimocrasira Ekba Murq"a Bilinuk'h
Eritrea/Hodde
ዲሞክራሲያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን
ኤርትራ/ሆደ

ፍሪዕ እከባ ሙርቓ ብሊኑኹ
ኤርትራ /ሆደ
التنظيم الديمقراطي لقومية
البلينالأرترية (هودي)

**Democratic Organization of Blin Nation of Eritrea/Hode**

## *ጋዜጣዊ መግለጺ 1th መስከረም 1961*

## *ብደምክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ፡*

*ህዝብታት ኤርትራ መሰሎም ናጽነቶም ንምርካብ ብሰላማዊ አገባብ ዘካየድዎ ቃልሲ፡ ፍረ ዘይህብን አብ ዕጹው መገድን ምስ በጽሔ ኣብ ዲያስፖራ ግብጺ ዝነበሩ ተማህሮ ምስ ዉሽጢ ሃገር ዝነበሩ ተረዳዲኦም ሓደ መስከረም 1961 ዓ.ም. ሓርበኛ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ምስ ውሑዳት ጀጋኑ ብጾቱ ውሱናት ብብረት፡ ኣንጻር ናይ ኢትዮጵያ መግዛእትን ሓያላን ሃጸያት ዓንገልቶምን መሰልና ኣብ መሬትና ይከበር ኢሎም፡ ጥይት ዝሰሙዑላ ዕለት'ያ። ወላ ኣብ ሞት'ውን ከብሪ ኣሎ፣ ብሂወትና ከሎና ሃገርና ኣይትግዛእን ብምባል ቀዳመይቲ ጢይት ንናጽነትን ሓርነትን አብ ጎቦ አዳል ሽግ ምጅማር ፍትሓዊ ብረታዊ ቃልሲ ህዝብታት ኤርትራ ዘበሰሩላ ክብርቲ ዕለት እያ።*

*ዝኾነ ምጅማር ድማ ናቱ ኣዉንታዉን ኣሉታዉን ኣለዎ። ቓልስና ብሰናይ ድለትን ተወፈይነት ዝተበገሰ ይኹን ዳኣንበር፡ አብ ምጅማሩ ንክውንነት ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ብግቡእ ኣጽኒዑ ስለ ዘይጀመረ ሙዉራድን ምድያብን ከገጥሞ ንቡር'ዩ። ካብ ኩሉ ኣብ'ቲ ብረታዊ ቓልሲ ዝጀመሩሉ ዓለምና ኣብ ክልተ ደንበ ተመቓቒላ ስለ ዝነበረት እዞም ሓያላን ናታቶም ጽልዋ ሓያል'ዩ ዝነበረ። ካብዝን ካብ ድሕረት ሓብረተሰብናን ንዝላዓሉ ሕቶታት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምፍታሑ ዓቕምታት ስለ ዘጉደለ ኩሉ ዓቕሚ ሰውራና ጸረ ጸላእትና ክንዲ ዝውዕሎ፡ አብ ነሕድሕድና ዘጥፋእናዮ ሂወትን ግዜን ካብ'ቲ ኣሉታዊ ታሪኹ'ዩ። እዚ'ውን ናቱ ሳዕቤናት ስለ ዝገደፈ ምጥርጣራትን ዘይምትእምማን ገዲፍልና'ዩ። ምስ'ዚ ኩሉ ጸገማቱ ህዝብና መሪር ቃልሲ ኣካይዱ ጸረ ኩሎም ሓያላን ገጢሙ ብ1991 ናጽነቱ ብ1992 ድማ ሙሉእ ሉኡላዊት ሃገር ኣዊጁ። ክብሪ ንሱዉኣትና። እቲ ብህግሓኤ ዝቖመ ግዝያዊ መንግስቲ ነቲ ዝሓለፈ ቁስላታትና ብሃገራዊ ዋዕላ ገኢሩ ብፍትሕን ዕርቕን ጸሪጉ ክንዲ ዝመርሕ ስልጣኑ ዓጢጥዎ ን28 ዓመት ግዝያዊ መንግስቲ ይጽዋዕ ኣሎ። ሂወት ብዘይሂውት ናብራ ግን ንህዝብና ዝነብሮ ስልአ ዘሎ ንነግሮ ኣይኮነን።*

*ደሞክራስያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ ንመበል 58 ግዜ ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብዓቢ ክብርን ሓጎስን እናዘከሮ ነቲ ሕድሪ ሱዉኣትና ድማ ቀጥ ኣብሉ ብቓልሲ ከዕዉቶ ምስ ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ ግቡኡ እናፈጸመ ስለ ዝዝክሮ ሓበን ዩሰምዖ። ድሕሪ ሓደ ዓመት ሰላም ኢትዮጵያን ኤርትራን ንሓደ መስከረም ንዝክር ስለ ዘሎና፣ ኣብ ዉሽጢ ዓመት እንታይ ተገሩ እንተበልና ሕጂዉን ኣይሰላም ኣይኩናት'ዩ ዘሎ። ተስፋታት ህዝብና ዝነበሮ፣ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝነበረ ኣይ ሰላም ኣይ ኪናት ኩነታት ድሕሪ ምኽታሙ፡ ሰብአዊ መሰላት ዝሕለወሉ፡ ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት ዝፍተሑሉ፡ ናይ ሰራሕን ምንባርን ዕድል ተሓሪምዎም አብ ፍቖዶ ጎቦታት ቀንፈዘው ዝብሉ ዘለው መንእሰያት ሃገራዊ አገልግሎት (ምልካዊ ባርነት) ተላቂቆም አብ ንቡር ሂወቶም ከምለሱ፡ምስ ጎረባብቲ ተበቲኹ ዝነበረ ዝምድናታት ክሕደስ ሕረስ ሓረስታይ ንገድ ነጋዳይ ክእወጅ ነበረ። ግጅሌ ህገድፍ ግን ንቲ ዝዝምረሉ ዝነበረ ሉኡላውነት ኤርትራ እኳ ገዲፉ*

*ንህዝቢ ብሓጺናዊ ጭቆና ኣሲሩ ንመሬት ኤርትራ ድማ ማዓስከር ወጻተኛታት ሓልታትን ናይ ሁከት መበገስን ይገብራ ኣሎ። ኤርትራ ሃገርና ናይ ኢሰያስ ውልቃዊ ትካል ኾይና ኣላ። ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ንስደትን ንዉርደትን ኣቓሊዕዎ ኣብ ሕሰም የንብሮ ኣሎ።*

*መንእሰይት ኤርትራ ኩነታት ሃገሮም ተስፋ ዘይህብን መሪርን ኮይኑ ስለዝረኸብዎ፡ ንግዝይኡ ከም መማረጺ ገሮም ዝረኣይዎ፡ ዝኾነ ዋጋ ኸፊሎም ሂወቶም ንምድሓን ዝፈትውዎ ህዝቦምን ሃገሮምን ንድሕሪት ገዲፎም ንስደት የምርሑ አለው። ሎሚ ሃረርና ኤርትራ መንእሰያታ እትሰጉግ ተስፈ ዘይብላ ሃገር ኮይና አላ። ሓደ መስከረም ክንዝክር ከሎና ንኽብርናን ንሓርነትን ጌና ዘተወድኤ ቤት ዕዮ ከም ዘሎና እናዘኻኸርን ጸኒዕና ክንቅላስ እንጸዋዕናን'ዩ።*

*በዚ ኣጋጣሚ`ዚ ደሞክራሰያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ አብ መንጎ ኤርትራውያን ተቃወምቲ ውድባትን፡ ሰቪኩ ማሕበራትን፡ ፍልልያት አጻቢብካ ነዚ መድረክ ዝበቅዕ ሓቢርካ ንምስራሕ ዝካየድ ዘሎ ተበግሶ ኢድልይነቱ አዕዚዙ ይርኢ። ከመኡ`ውን ተጽኖ ክፈጥሩ ዝኽሉ፡ ናይ ሃይማኖትን ሓለፍትን፡ ኢደታት ደቂ-አንስትዮ፡ ዘካይድዎ ዘለዉ ህዝቢ ናይ ምልዕዓልን ሰሚሩ ብሕውነትን ምክብባርን ክሰርሕን ቃልሲ ደገፉ ይገልጽ።*

*ከምኡውን ሓው ህዝቢ ሱዳን ድሕሪ መሪር ቃልሲ፡ ብውሕሉል አገባብ ተመሪሑ ነቶም ንሓዋሩ ከንበርክኽዎ ዝደልዩ ዝነበሩ ናይ ውሽጥን ግዳምን ሓይልታት ሰዒሩ፡ ሰለስተ ዓመት ዝወስድ ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ከትምስርቱ ምብቃዕኩም የውሃና ንብል።*

*ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሰያዊ ለውጢ ድሕሪ ምክያድ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ብሐድሽ መርሕነትን ነዚ መድረኽ ዝበቅዕ ውሳኔታትን መምርሕታትን ድሕሪ ምሕላፍ፡ አብ ንቡር ሰወራዊ ስርሓት ተጸሚዱ ዘካይዶ ዘሎ ስርሓት ዘተባብዕ`ዩ፡፡ ኤሃባደለ ንነብሱ ሓደ አካል ደንበ ተቃውሞ ገሩ ስለዝርኢ ምስ ኩሎም አብ ቃልሲ ዘለው ሓይልታት ብምውህሃድ ክሰርሕ ድልውነት ብተግባር ምርግጋጹ፡ ኩሉትና አብ ለውጢ ረብሓ ዘለና ሓይልታት ድጋፍና ክንህቦ ይግባእ።*

*ሎሚ ዓመት አብ ኤርትራ ብፍላይ ድማ፡ አብ መሬት ብሌን ሰንሒት ዝሃረመ ክራማት ማይን ውሕድን፡ ካብ ሓልሓል ጀሚርካ ክሳብ ሓጋዝን ከባቢኤን ዘለዋ ዓድታት ሓውሰካ፡ አብ ገዛውትን ንብረትን ዓበይቲ ጉድአት አብጺሑ አሎ። ብፍላይ ማይ ዝሰትዩለን ዔላታትን ሰለዝተደፍና፡ ብሰንኪ ጽሩይ ዝስተ ማይ ብምስአን ዝመጹ ሕማማት ይስቀዩ አለው፡ አብ ዝነበሮም ጸገማት ተደራቢ ሽግር ኮይንዎም አሎ፡፡ እተን ንህዝቢ አብ ግዜ ጸገሙ አገልጎሎት ዝህባ ናይ ካቶሊካውያን ማሕበራት ክሊኒካት ብምዕጻወን ነቲ ወሪዱ ዘሎ ናይ ተፈጥሮ ጸገም ክኸብድ ገርዎ አሎ። በዚ ኣጋጣሚ`ዚ ንኩሎም ነዚ ጸገም`ዚ አብ ምቅላል ይኹን ሓገዝ አብ ምብርካት ዝርከቡ እንዳመጎስና፡ ኩሉ ዓቅሚ ዘለዎ ክተሓበር ጸዊዒትና ነቅርብ።*

*ዕላማታት ሓደ መስከረም ብቃልሲ ህዝብታትና ክዕወት`ዩ!*

*ዘልኣለማዊ ክብርን ምጎስን ንሱዉኣትና!*

*ዓወትና ናይ ግድን'ዩ!* ***Thursday, 29 August, 2019***

*ዲሞክራሰያዊ ውድብ ብሄረ ብሌን ኤርትራ/ሆደ* ***bilineritrea@gmail.com***